# ስእሊ ቐደምካ

ንስኻትኩም ቀደም ከም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ፡ ከምቲ መንፈሱ ሕጂ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ዚገብር ዘሎ ሓለቓ ስልጣን ኣየር እተመላለስኩም፡ ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን ምዉታት ዝነበርኩም፡
(ኤፌሶን 2፡2)

ስእሊ ቀደምና እንሓንሳብ ኮፍ ኢልና ክንርጽኢ ከሎና ብዙሕ ተዘክሮታት ኣሎና። ኣእምሮና ብሓንሳብ ንድሕሪት ከይዱ ዘሕለናዮ ጽቡቕ ጊዜ ወይውን ክንዝክሮ ዘይንደሊ ጊዜ የምጽኣልና። ስእሊ ቐደምካ ክትሓኮ ወይውን ክትድምስሶ ዘይትኽእል ሰነድ እዩ። ዝነበረካ መልዕክ እንታይ ትገብር ከምዝነበርካ መዘከሪ እዩ።

ኤፌሶን 2፡2 “ ንስኻትኩም ቀደም ከም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ፡ ከምቲ መንፈሱ ሕጂ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ዚገብር ዘሎ ሓለቓ ስልጣን ኣየር እተመላለስኩም፡ ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን ምዉታት ዝነበርኩም፡ “ ብምባል ጎይታ የሱስ ኣብ ህይወትና ቅድሚ ምምጽኡ ዝነበረና ስእሊ ከረድኣና እዩ እዚ ዝበለ። ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ኤፌሶን ልክዕ ከምቲ ሓደ ስእልታት ዝሓዘ መዝገብ (ኣልበም) ከም ምግንጻል ዓይነት “ ቀደም “ ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ህይወትኩም ከይተገልጸ ዝነበረኩም ህይወት ነዚ ይመስል ኢልዎም።

“ . . . ከም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ እተመላለስኩም . . . . “ ኣብ እትብል ሓረግ እታ እተመላለስኩም እትብል ዘላ ቃል ብቛንቛ ጽርኢ ካብ ***peri*** ን **pateo** ዝብላ ክልተ ቃላት ዝቖመት ***peripateo*** ትብል ቃል እያ። *peri* ማለት ድማ ኣብ ከባቢ/ ዙርያ ማለት ክትከውን ከላ *pateo* ድማ ምኹላል/ምኻድ ማለት እያ። እምብኣር ንኽልቲኤን ደሚርካ ኣብ ሓደ ከብቢ ብዘይ ምቁራጽ ኣዘውቲርካ ምኹላል ወይ ምኻድ የስምዕ። ብሕጊ ሰወስው ጽርኢ እዞም ሰባት ክወጹላ ወይ ከግሉስላ ዘይክእሉ ዝውትርቲ መገዲ ኢኹም ትኸዱ ዝብል ሓሳብ ኣለዋ። ብኻልእ ኣዛርራባ ካብታ መገዲ ከይትወጹ ተሓጺርኩም ኢኹም ከም ምባል እዩ።

ብምቕጻል “ . . . ቀደም ከም . . . ትመላለሱ. . .” ኣብ እትብል ሓረግ እታ ከም እትብል ቃል ድማ ብጽርኢ **kata** እትብልኮይና ትርጉማ ድማ ተገዲድኩም/ተዓብሊልኩም ማለት ድማ እያ። ነዛ ንእሽቶ እትመስል ቃል ብምጥቃም ቅድሚ ናብ ክርስቶስ ምምጻእኩም ክተወጹኳ እናደለኹም ክተወጹሉ ዘትኽእሉ ተገዲድኩም ብጎደና'ዛ ዓለም እዚኣ ኢኹም ትመላለሱ ኔርኩም እናበለ የዘክረና ኣሎ። እቲ ዝነበርናሉ ጥፉእ ዓለም ኣብ ጥፍኣት ከምዘየሎና ኮይንና ትታሒዝና ወይ ተገዲድና ናብ ዘልኣለማዊ ጥፍኣት ገጽና ንኸይድ ኔርና።

እታ ንብረት እትብል ቃል ድማ ብግሪኽ ***aiona*** ክትከውን ከሎ ንሳ ድማ ኣብ ፍሉጥ ምዱብ ጊዜ ወይ ዘመን ክተመልክት እያ ኣብኡ ተረቚሓ ዘላ። ብኻልእ'ውን ኣብ ስነ ጽሑፍ  literature) ጽርኢ *መንፈስ* እቲ ዘመን ድማ ተመልክት። ኣብነት መንፈስ 60ታት 70ታት ኣብ ዓለምና ሓሸሽ ዝርገት ከም ቅቡል ከም ቅዲን ምዕባለን እተራእየሉ እዩ። በዚ ኣባህላ እዚ ኣብቲ ክፍሊ ዘመን እቲ ክትነብሩ ከለኹም ንቡር ናብራኹም ንሱ ነይሩ ከም ምባል እዩ።

ካብ ኣምላኽ ፍጹም ዝርሓቐ ህይወት ነይርኩም ንምባል እተጠቕመላ ቃል ድማ *ዓለም* ክትከውን ከላ ብግሪኽ ድማ *kosmos* እያ ትብል። ትርጉማ ድማ *ፖለቲካዊ ማሕበራውን ቁጠባውን* ናብራኹም ብመስፈር( standard) ዓለም ነይሩ ማለቱ እዩ። እዚ ግና ስእሊ ቀደምኩም እምበር ስእሊ ሕጂ ኣይኮነን። ነቲ ሕሉፍ ኣዘኪሩ ንህሉውን መጻእን ከደንቐ እተጠቕመሉ ስእሊ!